# ካብ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ወጻኢ ዝኾነ ረሰፕት/ትእዛዝ ሓኪም

**ሽም** ..............................

እቲ ሓኪም ነቲ ሕማምካ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ከምዘየድልዮ ፈሊጡሎ። እዛ ወረቐት እዚኣ እቲ ሕማምካ ክንደይ ክጸንሕ ከምዝኽእል ትጽቢት ይግበረሉ፣ ብገዛ ርእስኻኸ ሕማምካ ንኽማሓየሽ እንታይ ክትገብር ከምትኽእልን ማዓስ ከም እንደገና ናብ ሓኪምካ ክትከድ ከምዝግባኣካን ትሕብረልካ።

## እቲ ኢንፌክሽን/ሕማም ዝጸንሓሉ ጊዜ

- ○ ሕማም እዝኒ .................. **4 ማዓልቲ**
- ○ ሕማም ጎሮሮ .................. **7 ማዓልቲ**
- ○ ጉንፋዕ ........................ **10 ማዓልቲ**
- ○ ናይ ሳይነስ ስቓይ ........... **18 ማዓልቲ**
- ○ ሳዓል/ብሮንካይት............ **21 ማዓልቲ**
- ○ ..................... **ማዓልቲ**

## ናይ ገዛ ርእስኻ ክንክን

- ዕረፍቲ ግበር
- ብዙሕ ፈሳሲ ስተ
- ሰውነትካ/ኣካልካ ምስ ንኢንፌክሽን እንድሕር ክካላኸል ይፍትን ኣሎ ምልክቱ ረስኒዩ፤ ቀስ እንዳበለ ኻዓ እለቀካዩ። እንድሕር ዳኣ ንዓኻ/ቆልዓኻ ረስኒ ኣሳቒዩኩም ፓራሲታሞል (ወይ ኢቡፕሮፈን) ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም
- ስቓይካ ክቃለሉልካ ዝኽእሉ ሓገዝቲ ኣፋውስ እንተረኺብካ ኣብ ፋርማሲ ሕተት
- ካልእ ምኽሪ፡

**መብዛሕተኦም ናይ መተንፈሲ ኣካላት ኢንፌክሽን/ሕማማት**
ብዘይ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ምውሳድ ባዕሎም ይገድፉኻዮም።
ከም ልሙድ ሰውነትካ/ኣካልካ ነዞም ኢንፌክሽናት/ሕማማት እዚኦም ባዕሉ ናይምስዓር ዓቕሚ ኣለዎ።
**እወ ብዙሕ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ብዝተጠቀምና ቑጽሪ**
ሓደግኡ ዓብዩ እዩ፤ምኽንያቱ እቲ ባክተሪያ ነቲ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ስለዝለምዶ እቲ መድሃኒት/ፈውሲ ኣይሰርሕን።
**ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ጎናዊ ሳዕቤን ክገብር ይኽእልዩ** ከም ሹፍታ/በሰላ/ዕንፍሩር፣ ስቃይ ከብዲ/ጨጎራ፣ ውጽኣት፣ ኣብ መፍረ ኣካልን ከባቢን ናይ ጓል ኣንስተቲ ምዕሳው/ፈንገስ ይፈጥር፣ ንጻሓይ ዚያዳ ዘይምድላይን ካልኦት ስቓያት።
ንዓኻ ዝተኣዘዘ **ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ንኻሊእ ሰብ ኣይተካፍል፣** ዘይተጠቐምካሉ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ እንተሎ መታን ብግቡእ ከወግድዎ ናብቲ ፋርማሲ ምለሶ



**ቀልጢፍካ ናይ ሓኪም/ዶክተር ሓገዝ ከተናድየሎም ዝግቡኡ፡-**

- ብርቱዕ ሕማም ርእሲን ስምዒት ሕማምን
- ቆርበት እንትዝሕልን ዘጣብቐ ራሕሲ እንተገይሩን ወይ ዘይተለመደ በሰላ/ሹፍታ/ዕንፍሩራት ክህልዎን
- ናይ ውሽጥኻ ምርባሽ፣ ክጽላኣካ ኸሎን ምዝራብ ክኸብደካ ኸሎን
- ምትንፋስ ከጸግመልካ ኸሎ
- ከንፈርካ ሰማያዊ ሕብሪ እንትርእዩ
- ናይ ጡው/ጡብ ቃንዛ
- ምውሓጥ ከጸግመልካ ከሎን ኣፍካ ማይ ክመልእ ከሎን
- ደም ዝተሓወሶ ምስዓል
- እቶም ምልክታት ሕማም እናበርትዑ እንትኸዱ



ብህጹጽ ግድን ናብ ሓኪም ክትከድ ዘየገድድኻን
ናብ ዶክተርካ/ፋስትሌጌ ብቑጸራ እስካብ ትኸድ ዕድል ዝህቡኻ ምልክታት ሕማማት፡

- ክትሓውየሉ ኣብዝተገመተሉ ጊዜ ካብ ሕማምካ መሊእኻ ተዘይሓዊኻ
- ናይ ቆልዑ/ህጻናት ናይ እዝኒ ሕማም፣ ከም ውሽጢ እዝኖም ምሕጻብ ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም
- ካልእ

ሓድ ሓደ ጊዜ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ከምዘድልየካ ንምውሳን ክኸብድ እኽእልዩ።
ስለዝኾነውን እቲ ዶክተር ጽናሕሞ-ራኣይ ዝብል ረሰፕት/ትእዛዝ ክህበካ እኽእልዩ።

○ እቲ ዶክተር ጽናሕሞ-ራኣይ ዝብል ረሰፕት/ትእዛዝ ናይ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ እንተሂቡካ

ን ........... ዝኣክል ማዓልቲ ዝኣክል ጸኒሕካ ክትርኢ ኣሎካ።

እዚ ማለት ኣብዘን ማዓልቲታት እዚኤን ተዘይሒሹካ ጥራሕ ኢኻ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ፈውሲ ምውሳድ ትጅምር ማለት እዩ።

እቲ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ምውሳድ ክትጅምር ዘገድስ ካልእ ምኽንያት

እንድሕር ዳኣ ኣብዚ ጊዜ እዚ እቲ ሕማም እናገደደካ ኸይዱን ኣብቲ ላዕሊ መእተዊ ናይዚ ገጽ ዝተጠቐሱ ምልክታት ሕማም ገሊኦም ተተራእዮምኻን ቀልጡፍ ናይ ሓኪም/ዶክተር ሓገዝ የድልየካዩ፤ ኣንቲባዮቲክ/ጸረ ተህዋስ ምውሳድ ምጅማር ብዘየገድስ።

Antibiotikasenteret for primærmedisin (ASP)
folkehelseinstituttet
Helsedirektoratet